


# ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ

# NRW

# ሓፈሻዊ ህዝባዊ ኣኼባ

---

7th April, 2019



ትማሊ ቀዳም 6 ሚያዝያ 2019 አብ ከተማ ኮሎን /NRW/ ምንቅስቓስና ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዱ። ብድሌት ናይቲ ኣኼበይና ከአ እቲ ኣኼባ ካብ ሓፈሻዊ ዛዕባታት ናብ እዋኑ ኣምጺእዎ ዘሎ - ናብ **ናይ “ይኣክል” ጻውዒት ተማሓይሹ፤** - በዚ ሓድሽ ናይ **ይኣክል** ዛዕባ ከአ እቲ ገዛ ነታ “ተወሊዓ ዘላ ሽግና” ንኽይትሃስስ ብከመይ ዓይነት እስትራተጂ ንቅድሚት ንደፍኣ ብዚብል ንሁር ክትዓት ተዛትዩ።



አብ ክሊ እዚ ናይ ይአክል ዛዕባ ዚተላዕሉ ነገራት ከአ እዞም ዚስዕቡ ነይሮም፤-

- ነቲ አብ ፈቐዳኡ ተበጊሱ ዘሎ ናይ መንእሰያትን ናይ ይኣክል ጭርሖታት'ከ አብ ተግባር ብከመይ ንጥቀሙሉ/ንሰርሓሉ
- አብ ምምሕዳር NRW ንዘሎዉ/ዋ ኤርትራውያን ብከመይ ብዚያዳ ይጥርነፍ፣ ምእንትዚ ምቛም ፍሉይ ሽማግለ ተጠቒሱ
- ምስቲ አብ ካልእ ምምሕዳራት ሃገር ጀርመን ዘሎ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓሳት'ከ ብከመይ ኣገባብ ናይ መርበብ ርኽክባት ይምዕብልን አብ ግብሪ ብሓደ ይሰርሕን
- ንመድያ ብከመይ ነተባብዕ (ኣሰና ተጠቒሱ)
- ብደረጃ NRW ሓደ ናይ whatsup መራኸቢ ተመስሪቱ  ንዚያዳን ስጡምን ርኽክባት ክስርሓሉ



ብዘይካ'ዚ እውን ካልኦት ንኣተሓሕዛን ቁሞናን ዚምልከቱ ምዕዶታትን ምሕጽንቶታትን ነይሮም፡-

- ኣቀራርባናን ጸውዒትናን ንህዝቢ ብዚስሕብ ላዛታት ከነቕምጥ፣ ህዝቢ ኣብ ኣኼባታት ንክመጽና ሰሓቢ ኣገባብ ንጠቐም
- ሓድሕድ ምንጽጻግ ተሪፉ፣ ዓወትና መጠን ምትሕልላይናን ሓድሕድ ምድምማጽናን ምዃኑ ንፍለጦ
- ስቓይ መንእሰያትና መዕለቢ ክግበሮ ኣለዎ

ኣካያዲት ኣካል
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ NRW